ኣሕተምቲ ንፍልስጤም መግለጺ ድጋፍ

3 ሕዳር 2023

**ንኣሕተምቲ ከምኡውን ንኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኢንዱስትሪ ሕትመት ኮይኖም ኣብ ጎኒ ፍትሒ: ናጽነት ሓሳባትካ ምግላጽ ከምኡውን ሓይሊ ጽሑፍ ቃል ደው ዝብሉ ነዚ ደብዳቤ ክፍርሙን ንዓለምለኻዊ ናይ ድጋፍ ምትእኽኻብ ኣሕተምቲ ንፍልስጤም ክጽንበሩን ንዕድም።**

ንትብዓት: ፈጠራውነት: ተቃዋምነት ፍልስጤማውያን ከምኡውን ንዕሙቅ ፍቕሪ ታሪኻዊ መሬቶምን ንከይድምሰሱ ወይ ድምጾም ንከይዕበስ ኣንጻር እስራኤል ትፍጽሞ ዘላ ዘስካሕክሕ ጎነጽ ምጽናት ዓሌት ንዘካይድዎ እምቢታ ክብሪ ንገልጽ። ኣንጻር ዘስደምም ምትሕብባር ናይ ምዕራባውያን ማዕከናት ዜናን ባህላዊ ትካላትን ብልዑል ፍጥነት ዝተኣኻኸቡ: ብቀጻሊ ዝጽሕፉ: ድምጾም ዘስምዑ: ዝዝምሩ: ኣንጻር ሓሶት ዝቃለሱን ከምኡውን ናይ ደገፍ ኮሚቲታት ኣብ ዝተፈላልዩ ማዕከናት ሶሽያል ሚድያ ይኹን ኣብ ጎደናታት መላእ ዓለም ዝፈጥሩ ዘለዉ ኣካላትን ድምጽታትን ዘንቀልዎ ተስፋ ንሰንቕ።

ዝሓለፈ ወርሒ እስራኤል ብመልክዕ ሓባራዊ መቕጻዕቲ ክልኩል ፎስፈረስ  ከምኡውን ዘይልሙድ ሓድሽ ኣጽዋር ተጠቂማ ብመንግስትታት ሕ.መ.ኣ: ካናዳ: ብሪጣንያ: ፈረንሳ: ጀርመን: ኤውሮጳን ኣውስትራልያን ተደጊፋ ኣብ ልዕሊ ቓዛ ቀጻሊ ደብዳብ ከተካይድ ተዓዚብና። 1.1 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ካብ ኣብ ሰሜን ዝርከብ ገዛውቶም ተፈናቒሎም ከይኣክል ዘስካሕክሕ ዕንወት ሆስፒታላትን መጽለሊ ማእከላትን ከም ቤት ትምህርታት: መዓስከር ስደተኛታት: ቤተ ክርስትያናትን መሳጊድን ኣብ ደቡብ ቓዛ ክወርዶም ርኢና። ኣብዚ ሕጂ እስራኤል ኣጋር ወራር እተካይደሉ ዘላ እዋን: 2.3 ሚልዮን ህዝቢ 50 ሚእታዊት ካብዚኦም ህጻናት ዝኾኑ ብጭካነ መሰረታዊ ቀረባት ከም መጽለሊ: መግቢ: ማይ: ነዳዲን ኣሌክትሪክን ክኽልከሉ ንዕዘብ ኣለና። ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 9000 ፍልስጤማውያን ካብዚኦም ብናክባ 1948 ናብ ቓዛ ዝተፈናቀሉ ምሉእ ወለዶ ስድራቤታት ዝርከብዎም ተቀቲሎም ኣለው። ብተወሳኺ ምስ ክጽወር ዘይከኣል ጓሂ እስራኤል 3500 ቆልዑ ክትቀትል ርኢና። ከም ራዝ ሲግል, የሁዳዊ ምሁር ሆሎኮስትን ህልቂትን, ዝገለጾ ‘መጥቃዕቲ ምጽናት ዓሌት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ ኣዝዩ ርኡይ: ግሁድ: ሕፍረት ዘይብሉን እዩ’። እስራኤልን ሓያላን ሃገራት ምዕራብን ተቃውሞ ንምቅሃም ከምኡውን ነቀይቀይ ዝብል ዘሎ ቁጽጽሮም ንምውሓስ ኣጽዒቆም ይፍትኑ ኣለው። ካብ ጥቅምቲ 7, 2023  ጀሚሩ ኣብ መላእ ዓውዲ ሜድያን ሕትመትን ግብረመልሲ ኣፍካ ከፊትካ ምዝራብ ኣዝዩ ተሪርን ዘየናሕሲን ኮይኑ ይርከብ። ብመቅተልቲ ብደርዘናት ዝቁጸሩ ጋዜጤኛታት ቓዛ ከም ሙሓመድ ፋይዝ ኣቡ መጠር: ሰዒድ ኣጠዊል: ሙሓመድ ሱብሕ: ሂሻም ኣልንወጅሓ: ሙሓመድ ኣሳልሒ: ሙሓመድ ጃርቁን: ኣሕመድ ሺሃብ: ሑሳም ሙባረክ: ሙሓመድ ባዕሉሽ: ዒሳም በሃር: ሰላም ሚማ: ኣሳድ ሽምለኽ: ኢብራሂም ሙሓመድ ላፊ: ኸሊል ኣቡ ዓዝራ: ሰሚሕ ኣናዲ: ዓብዱልሃዲ ሓቢብ: ዩሱፍ ማህር ደዋስ: ሩሽዲ ኣሰራጅ ኣውያትና ነስምዕ።

ከም ኣብ ስራሕ ባህሊ ንነጥፍ መጠን ንቓላትን ቋንቋን ብፍሉይ ነተኩር። ነዚ ዝካየድ ዘሎ ህልቂት, እስራኤላውያን መራሕቲ ገዛኢ ወተሃደራዊ ሓይሊ, ኣብ ሲቪላዊ ህዝቢ ቓዛ ዘካይድዎ መጥቃዕቲ ንምምኽናይ ከም ‘ደቂሰብ እንስሳ’ ዝኣመሰሉ ኣጸዋውዓ እንዳተጠቀሙ ከም ዝኸፈትዎ ነስተብህል። ከምዚ ዓየነት ሰብኣውነት ዝገፍፍ ኣጸዋውዓ ካብ ንባዕሎም ብተመሳሳሊ ህልቂት ዝሓለፉ ህዝቢ ክንሰምዕ የሰንብደና። እዚ ቋንቋ ህልቂትን ምድምሳስን ንኣብ ጽዮናዊ (ከምኡውን ክርስትያናዊ) ሚጦሎግ ዝሰረተ ‘መሬት ብዘይ ህዝቢ ንህዝቢ ብዘይ መሬት’ ብመግዛእታዊት ብሪጣንያ  ቅድሚ 106 ዓመት ሕዳር 2, 1917 ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ኣዋጅ ባልፉር የዘኻኽረና።

እዚ ታሪኽ ልዕልና ጸዓዱ: መግዛእቲ: ከምኡውን ርእሰማላዊ ናይ ምድምሳስ: ምግባት: ምቁጽጻርን ኣሰራርሓ ኣብዚ ግዜ ወላውን ኣብቲ ብርኽ ዝበለ ዓለም ሰነጥበብን ባህልን ከይተረፈ ተንጸባሪቁ ይርከብ። ካብ ምርኢት መጻሕፍቲ ፍራንክፈርት/ናይ ሊትፕሮም ንፍልስጤምያዊት ጸሓፊት ኣዳንያ ሺብሊ ዝግብኣ ናይ ክብሪ ሽልማት ምሃብ ምቁጣብ (ልዕሊ 1000 ዝኾኑ ፍሉጣት ጸሓፍቲ ናይ ተቃውሞ ደብዳቤ ከም ዝፈረሙ ይፍለጥ) ጀሚርካ ክሳብ ናይ ከም ቭየት ታን ንውየን ኣብ ኒው ዮርክ 92Yን ሙሓመድ ኣል ከርድ ኣብ ናይ ቬርሞንት ዩኒቨርሲቲን ዝኣመሰሉ ናይ ደረስቲ ናይ ንባብ ፕሮግራም ምስራዝ ይኹን ናይ ዴቭድ ቫላስኮ ኣሰናዲ መጽሄት ኣርትፎረም ካብ ስራሕ ምስጓግ; ምዕራባውያን ናይ ስነጽሑፍን ሕትመትን ትካላት ኣብ ጉዳይ ፍልስጤም ኣፎም ንዝኸፈቱ ጸሓፍቲ ብምቕጻዕን ኣፍ ብምዕባስን ምስ ናይ እስራኤልን ናይ ኣመሪካን ፖለቲካውን ቁጠባውን ረብሓታት ዘለዎም ዓሚቕ ምትእስሳር የጋልጽ።

ብደረጃ ኮርፐሬሽን ይኹን ብግሊ ዝነጥፉ ኩሎም ኣካላት ሕትመት ኮይኖም ፍርሒ: ስቅታ ወይ ተሓባባርነት ምስ ጉበጣ እስራኤልን ሃጸያውያን ወሃብቲ: መወልቲ: መንግስታትን ዘበገሶ ንከምዚ ዓይነት ምድቋስ  ዘፍቅዱን ዘተባብዑን ንኹንን። ኣብ ልዕሊ ጸሓፍቲ ዝወርድ ቁጽጽር ይኹን ሳንሱር ንኹንን። ኣብ ልዕሊ ወነንቲን ሰራሕተኛታትን ቤት መሸጣ መጻሕፍቲ ዝወርድ ግፍዕን  ድንደናን ከምኡውን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ሕትመት ኣብ ጎድኒ ፍልስጤምያውያን ኣንጻር ሃጸየነት: ጽዮናውነት: ሰፋሪ-መግዛእትነትን ደው ብምባሎም ንዝወርዶም ምፍርራሕ ንኹንን። ሕትመት ንዓና ምስትምቃር ናጽነት: መግለጺ ባህልን: እምቢታን እዩ። ከም ኣሕተምቲ ንፍልስጤምያዊ ፈጠራውን ነቐፌታውን ድምጽታትን ከምኡውን ንኩሎም ኣብ ጎድኖም ኣንጻር ሃጸያውነት: ጽዮናውነት: ሰፋሪ-መግዛእትነትን ደው ዝብሉ ባይታ ክንፈጥር ውፉያት ኢና። ንሓርነት ፍልስጤም ዝጽውዑ ስራሓት ብዘይ ተጻባእነት ክንሓትም: ከነሰናድእ: ክንዝርግሕ: ከነካፍል: ክንካታዕን ዘለና መሰል ንከላኸል። ተራና ኣብዚ ተቃውሞ እዚ ምኺኑ ንፈልጥ።
ምዕባስ ድምጽትታት ፍልስጤምያውያን ደረስትን ጸሓፍትን ፍርሒ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤምያዊ ስነጥበባዊ ተቃውሞ ከምዝውስኽ ይገብር ከምኡውን ኣብ ምጽናት ዓሌት ፍልስጤምያውያንን ምስራቅ መሬቶምን ተራ የበርክት። እቲ ብድሕሪ ኩሉ ደብዳብ: ዕንወት: መጭወይቲ:  ምስቃይ ፍልስጤምያውያን እሱራት ዝርከብ ፍርሒን ንፍልስጤምያዊ ኣርካይቭ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ዘትሕዝ

ፍርሒን ሓደ እዮም።። ጸሓፊ ቻሳን ካነፋኒ ከም ዝበሎ 'ጉዳይ ፍልስጤም ጉዳይ ፍልስጤምያውን ጥራይ ኣይኮነን: ጉዳይ ኩሉ ሰውራዊ እዩ' ኩላትና ነጻ ከይኮንና ወላሓደ ካባና ነጻ ከም ዘይከውን የዘኻኽረና።

ኣብ ጎኒ ፍልስጤምያውያን ደው ኢልና ናብ ሓድሽ ዘመን ጸረ-መግዛእታዊ ተቓዋምነት ንስጉመሉ ግዜ ሕጂ እዩ። ንሕድገታት ስምምዕ ኦስሎን ምስ ጽዮናዊ ስርዓት ዘሎ ምትእስሳር ንብሩኑት ምሃብን ዝነጽግ ዘመን፡፡ እዋኑ ኩሎም ኣንጻር ሰፋሪ-መግዛእታዊ ስርዓታት ኣብ ታሪኽ ዝተመዝገቡ ዓወታት ንዝክረሉን ንድግፈሉን እዋን እዩ። ከም ንኣልጀርያ ካብ መግዛእቲ ፈረንሳ ዘናገፈ ተቓውሞ። እዋኑ ደገፍና ንሓርነት ፍልስጤም ካብ እስራኤልን ናይ ሕ.መ.ን ኤውሮጳን ደገፍታን ነበርትዓሉ እዋን እዩ። ንምፍርራሕ: መድቆስቲ: ፍርሒን ጎነጽን ዝነጽግ ሓባራዊ ደገፍ ንሃንጸሉ ግዜ ሕጂ እዩ።

ንኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ኢንዱስትሪ ሕትመት ዝሰርሑ ብጾትና: መሓዙትናን መሳርሕትናን ነዚ ደብዳቤ ክፍርሙን ነዞም ዝስዕቡ ጠለባት ክድግፉን ንጽውዕ:

- ምጽናት ዓሌት ደው ክብልን ኩሉ ኣንጻር ኣብ ቓዛ: ዌስት ባንክ: መላእ ታሪኻዊት ፍልስጤምን ደያስፖራን ዝቅመጡ ፍልስጤምያውያን ዝካየድ ጎነጽ ደው ክብል
- ንእስራኤልን መሻርኽታን ብዝፈጸምዎ ገበናት ኩናት ተሓተትቲ ምግባር
- ህዝቢ ፍልስጤም ዝሓቶ ናጽነት: ተቓዋምነት: ናይ ምምላስን መሰል ምርግጋጽ
- ኣንጻር ስርዓት ኣፓርታይድ እስራኤል ዝካየድ ናይ ቦይኮት: ምስሓብ ወፍሪ: እገዳታትን ምንቅስቓስ ጸውዒት ምጽዳቅ
- ፍልስጤምያውን ኣብ መጻኢ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝካየድ ምርኢት መጻሕፍታትን ፌስቲቫላትን ድምጾም ንኺይዕበስ ምርግጋጽ: ኣብ ከንድዚ ብክብሪ ተዓዲሞም ታሪኾም ከም ዘካፍሉ ምግባር
- ኢንዱስትሪ ሕትመት ሓቀኛ መስርሕ ምስትምሃርን ሓሳብካ ብነጻ ምግላጽን ዝሰላሰሉ ባይታ ንክኸውን ምስራሕ
- ከም ኣሕተምቲ መጠን ንፍልስጤምያዊ ድምጺን ንኩሎም ኣንጻር ናይ ኩናት መሳርሒ ደው ዝብሉን ባይታ ክንፈጥር ውፉያት ኢና

ኣሕተምቲ ንፍልስጤም ናይ ኣሕተምቲን ከምኡውን ናይ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ኢንዱስትሪ ሕትመት ዝነጥፉ ኮይኖም ኣብ ጎድኒ ፍትሒ: ናጽነት ሓሳባትካ ምግላጽ ከምኡውን ሓይሊ ጽሑፍ ቃል ደው ዝብሉ ዓለምለኻዊ ምትእኽኻብ እዩ። ምሉእ መግለጺ ድጋፍና ብ English, en Français, en Català, dalam bahasa Indonesia, بالعربية ,اردو میں, 中文, ከምኡውን Στα ελληνικα ክንበብ ይከኣል። ካልኦት ቛንቛታት ኣብ ቀረባ ግዜ ዝውሰኹ ኣለዉ።